# ብዛዕባ ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19

## ከመይ ገርኩም ንኣዕሩኽትኹምን ቤተሰብኩምን ክምትዛረቡ

### ስለ'ዚ ንምክልኻል ሕማል ኮሮና ቫይረስ-19 ኣብ ማሕበረ-ኮምና ኩልና ከነበርክት ንኽእል ኢና።

ብዛዕባ ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ብዙሕ ሕቶታት ይመጽኣኩም ይኸውን ኢዩ። ምሳኹም ዘለዉ ሰባት ዘተኣማምን ሓበሬታ ከምዝረኸቡ ንምርግጋጽ፡ እንታይ ከምትብሉ ቀንዲ ምኽርታትና እንሆ።

## ክታበታት ህይወት የድሕኑን ንማሕበረ-ኮምና ይከላኸሉን

ክታበታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ህይወት የድሕኑ ኢዮም። ክታበታት ካብቶም ንዝተኸትቡ ሰባት ንላዕሊ ዝከላኸሉ ኰይኖም፡ ነቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ'ውን ይከላኸሉ ኢዮም።

ኣብ ሓደ ማሕበረ-ኮም ብክታበታት ካብ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ምክልኻል ዝተገብረሎም እናበዝሑ ብዝኸዱ መጠን፡ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንከስፋሕፍሕ ዝኸበደ ይኸውን።

## ክታበታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ጸገም ዘየምጽኡ ኢዮም

ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ወኪላት ህዝባዊ ጥዕና፡ ከም ጥዕና ካናዳን (Health Canada)፡ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ኮም ስነ-ፍልጠትን፡ እቶም ዝጸደቑ ክታበታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19፡ ንነፍሰ-ጾራት፡ ናይ ጥንሲ መደብ ዘለወንን ዘጥብዋን ከይተረፈ፡ ጸገም ዘየምጽኡ/ደሓን ከምዝኾኑ ደምዲሞም ኣለዉ።

ነፍሰ-ጾራት ምስትኹና፡ ናይ ምጥናስ መደብ ምስዝህልወክን ወይ ድማ ተጥብዋ ምስትህልዋ'ሞ  ሕቶታት ምስዝህልወክን ነቶም ኣገግሎት ክንክን ጥዕና ዝህቡኽን ኣዘራርባ።

ዋላ'ኳ እዞም ክታበታት እዚኣቶም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ዝማዕበሉ እንተኾኑ—ንልዑል ዓለም-ለኻዊ ጻዕሪን ኣቐዲሞም ዝተገብሩ ናይ ኮሮና ቫይረስ ምርምራትን ምስጋና ይኹኖም—ንምጽዳቕ ከምቶም ኣቐዲሞም ዝነበሩ ክታበታት ብተመሳሳሊ መንገዲ ዝሓለፉ ኢዮም።

ድሮ'ኳ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ብሚልዮናት ዝቝጸሩ ኣህዛብ ብዘይ ገለ ጉድኣት ተኸቲቦም ኣለዉ። እቶም ክታበታት ብሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ካብ ምትሓዝ ኣዝዮም ዝሓሹ ኢዩ።

## ከመይ ገርኩም ከምትኽተቡ?

ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ ንኩሎም 12ን ልዕሊኡን ዕድመ ንዘለዎም ክታበታት ኣለዉ። መምርሒታትን ሓበሬታታትን ብዛዕባ ብቑዕነት ኣብ gov.bc.ca/getvaccinated ኣሎ።

## ንክታበትኩም ሕጂ ተመዝገቡ ወይ ድማ ናብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ክታበት ክሊኒክ ከይተመዝገብኩም ኪዱ።

### ስጉምቲ 1: ተመዝገቡ

ብኦንላይን (getvaccinated.gov.bc.ca)፡ ብተለፎን (1-833-838-2323) ወይ ብኣካል ኣብ ኩሉ ኣብያተ ጽሕፈታት ኣገልግሎት ካናዳ (Service BC ) ተመዝገቡ። ንዳሕራይ ስለዘድልየኩም ናይ መረጋገጺ ቍጽርኹም ሓዝዎ።

### ስጉምቲ 2፡ ቆጸራ ሓዙ

ንክታበት ቆጸራ ንምሓዝ ምስበቓዕኩም ክራኸቡኹም ኢዮም።

### ስጉምቲ 3፡ ተኸተቡ

ቅድሚ ናይ ቆጸራ ግዜኹም ቍሩብ ደቓይቕ ኣቐዲምኩም ብጽሑ፣ ሓጺር ኢዱ ካምቻን ማስክን ግበሩ። ኣብ'ቲ ክሊኒክ ብናይ መእተዊ መስርሕ ክትሓልፉ፡ ክትክተቡን ኣብ ናይ መዐዘቢ/መከታተሊ ቦታ ንኣስታት 15 ደቓይቕ ክትጽበዩን ኢኹም። ነቲ ካልኣይ ዓቐን መኣስ ንምምዝጋብ ከምትበቕዑ ድማ ክትሕበሩ ኢኹም።

### ከይተመዝገብኩም ትመጽኡ፡ ብደሓን ምጽኡ

እንተድኣ ደሊኹም፡ ንናይ መጀመርታ ወይ ካልኣይ ዓቐን ክታበትኩም ከይተመዝገብኩም ናብ ናይ ክታበት ክሊኒክ ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ንዝርዝር ቦታታት ኣብ gov.bc.ca/vaxforbc ርኣዩ።

## ድሕነት ካብ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ክጸንሕ ኢዩ

ንትእዛዛት ህዝባዊ ጥዕናን ዘባዊ ምኽርታትን ምኽታል ቀጽሉን ከም ኣእዳውካ ምሕጻብ፡ መርመራ ምግባርን እንተሓሚምኩም ከኣ ኣብ ቤትኩም ምጽናሕን ዝኣመሰሉ ጽቡቕ ናይ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 (ኮቪድ-19) ንቕሓትን/መረዳእታን ተግብሩ።

## ሓበሬታ ይሃልውኩም

ሓቅታት ብዛዕባ ናይ  ብሪቲሽ ኮሎምቢያ (B.C.) መደብ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19ን ናይ ክታበት ድሕነትን ካብ ከም ጥዕና ፍረይዘር (Fraser Health)፡ ኣውራጃ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ፡ ናይ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ ማእከል ምቍጽጻር ሕማምን (BCCDC) ዝኣመሰሉ ዘተኣማምኑ ምንጪታት ርኸቡ።

bccdc.ca

fraserhealth
Better health. Best in health care.

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

መሰል ዋና/ (Copyright ) 2021
መወዳእታ እዋናዊ ዝተገብረ፥ ነሓሰ 20, 2021
ምንጪታት፥ ምንጪታት፡ ናይ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ ማእከል ምቍጽጻር ሕማም (BCCDC)፡ ንብሪቲሽ ኮሎምቢያ ካብ ሕማም ተኸላኸል (ImmunizeBC)፡ ጥዕና ካናዳ (Health Canada)፡ ማእከል ምቍጽጻር ሕማምን (CDC) ናይ ዓለም ውድብ ጥዕናን (WHO)።

[Tigrigna]